25/11/2009

ስርዓት ኢሳይያስ ብቁጥዐ ህዝብና ሰንቢዱ ኣብ ዝዓጸዎ ውተሃደራዊ መዓስከር ዊዓ ተላዒሉ ዝነበረ ተላባዒ ሕማም ሂወት ልዕሊ 300 ዜጋታት ከምዝቆጸየ ተፈሊጡ።

ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዘለው እሙናት ምንጭታት ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ዝመጸና ሓበሬታ ከምዝገለጹ- እቲ ሬድዮ ወጋሕታ ብዝፈጠረቶ መንኳሕኳሕታ ንመላእ ህዝብና ዘቆጥዐን እቲ ጠላም ስርዓት ንዊዓ ብስንባደ ከይፈተወ ክዕጸ ዝወሰነሉን ተላባዒ ሕማም ሂወት ልዕሊ 300 ዜጋታት ቆጽዩ'ዩ። እቲ ጠላም ስርዓት ንዊዓ ዝዓጸዎ ቡቲ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዘጋጠመ ከቢድ ሓደጋ ንህዩ ዘይኾነስ ፈለማ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ብድሕሪኡ ድማ ብዙሓት ሃገራውያን መራኸብቲ ሓፋሽ ዘስምዕኡ ድምጺ ህዝብና ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ እኹል ፍልጠ ረኺቡ ተቓውምኡን ቁጥዑኡን ከስምዕ ስለዝገበሮ'ዩ ዝበለ እቲ ሓበሬታ ኣብ ምብራቃዊ ኣኽለጉዛይ ዝዓረዱ ጀጋኑ መንእሰያት ቡቲ ኩነታት ተቆጢያም ዝገበርዎ ፈተነ መጥቃዕትን ካሊእ ጥንኩር ስጉምቲ ንምውሳድ ከምዝመደቡ እቲ ስርዓት ዝረኸቦ ሓበሬታን'ውን ምዕጻው ዊዓ ስሉጥ ክኸውን ከምዝገበሮ ኣረዲኡ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ እቲ ኣብ ዊዓ ዘጋጠመ መቐዘፍቲ ዜጋታት ናብ ህዝቢ ከይበጽሕ ካብ ዝሓደሮ ጭንቂ ብምብጋስ ኣብቲ መደበር ንዝነበራ በራጊድ ህዝቢ ናብ ዘይነብረለን ቦታታት ከምዘስፈረን ድማ እቲ ሓበሬታ ክልተ በራጊድ ኣብ ሓሸፈራይ ካልኦት ክልተ በራጊድ ከኣ ኣብ ኪሎማ ዓሰብ ሰፈረን ጽንኩር ሓለዋ ይግበረለን ከምዘሎ ብኣብነት ብምጥቃስ ኣመልኪቱ። ካልኦት ኣብ ዊዓ ዝነበራ ክልተ በራጊድ ድማ ፈለማ ናብ ዓላ ክውሰዳ'ኳ እንተተገበረ ደሓር ግን እቲ ቕርበት እቲ ሓበሬታ ሰሊኹ ዝወጸሉ ዕድል ፈጢሩ ንተቓውሞ ህዝቢ ከነሃህሮ'ዩ ተባሂሉ ስለዝተሰግአ ናብ ዓን ክውሰዳ ከምዝተወሰነ ተፈሊጡ'ሎ።

ኩለን እዘን ኣብ ዊዓ ንዝበጽሐ መቐዘፍቲ ዜጋታት ዝፈልጣ በራጊድ ብጽኑዕ ሓለዋ ጅሆ ተታሒዘን ከምዝርከባ'ዩ እቲ ሓበሬታ ዘረጋግጽ። ይኩን'ምበር ዋላ'ኳ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ኢሉ እቲ ወረ ከይወጽእ ሰጊኡ ብሓይሊ ዓፊኑ ነተን በራጊድ የበሳብሰን እንተሃለወ እቲ ደሃይ በጺሕዎም ብኩነታት ደቆም ዝተሻቀሉ ወለዲ ላዕልን ታሕትን ኢሎም ይንከራተቱ ከምዘለውን ብዙሓት ካብኣቶም ናብ ሓሸፈራይ ነቂሎም ኣብ ሓጋዝ ተዓጊቶም ምህላዎምን እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረጋጊጹ'ሎ።

----------//////----------

25/11/209

ህዝብና ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ብዘሕደሮ ከቢድ ጽዕንቶ ኣብ ዝተዓጸወ ውተሃደራዊ መዓስከር ዊዓ ዝነበሩ ዓለምቲ ንተቓወምቲ ኣረባብቲ ኣብ ምዕላም ተዋፊሮም ከምዘለው ተረጋጊጹ።

ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ መንግስቲ ህግደፍ ዘለው ንቃልሲ ዝተለዓዓሉ ዜጋታት ናብ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ኣብ ዝሰደድዎ ርጡብ ሓበሬታ- ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዊዓ ኣብ ብሎካት ፈንቕል ሓልሓለን ዓራግን ንዝነበሩ ዓለምቲ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት መዲቡ ንተቓወምቲ ኢትዮጵያ ኣብ ምዕላም ክጽመዱ ጌሩዎም ከምዘሎ ኣረጋጊጹ'ሎ። ብመሰረት'ዚ ኣብ ብሎክ ፈንቕል ዝነበሩ ዓለምቲ ብካፒተይን ሳልም ዑመር እንዳተመርሑ ንኣባላት ጉጅለ ደምሒት ንምዕላም ናብ ዓላ ተንቀሳቒሶም ዝነበሩ ኾይኖም ኣባላት እቲ ጉጅለ ሚስጥር የውጹኡ ኣለው ተባሂሎም ስለዝተጠርጠሩ 350 ንዝኾኑ ኣባላት ድምሒት ዓን ናብ ዝተበሃለ ኣጸምእ በረካ ወሲዶም ሬንጀር ኮርስ

ይዕልምዎም ከምዘለው ተፈሊጡ። ኣብ ብሎክ ሓልሓለ ዝነበሩ ዓለምቲ ድማ ብካፒተይን ሮመዳን ተመራሕም ናብ ሓሬና ብምካድ ኣርበኞች ንዝርከቦም ትምክሕተኛታት ተቓወምቲ ጉጅለታት ኢትዮጵያ ይዕልሙ ከምዘለው እቲ ርጡብ ሓበሬታ ኣፍሊጡ'ዩ።

ኣብ ዊዓ ብሎክ ዓራግ ዝነበሩ ዓለምቲ ግን ብመሰረት'ቲ ስርዓት ኢሳይያስ ወተሃደራዊ መዓስከር ዊዓ ናብ መዕጥር ክቕይሮ ዝበጽሖ ውሳነ ኣብ መዕጥር ንዝስርሑ ኣባይቲ ዝውዕል ልዕሊ 4 ሽሕ ቀላሚንጦስ ካብ ከባቢ ቤትገርግሽ ክትቆርጽ ዕማም ተዋሂብዋ ትነጥፈሉ ምህላዋ ተጠቒሱ'ሎ። እዚ ሃብቲ ሃገር ዝኾነ ቀላሚንጦስ ዘብርስ ዘሎ ብሎኮ ዓራግ ብካፒተይን በረከት ሃይለ ወዲ ሃይለ ዝምራሕ ኾይኑ ኣብቲ ካብ ዊዓ ናብ ዓላ ዝተገበረ ምግዓዝ ድሕሪ ምስታፍ ናብቲ ናይ ቤትገርግሽ ስራሕ ተዋፊሩ ዘሎ።

ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ቅድም ክብል ኣብ ኩለን ዞባ ስርሒታት ኣብ ስታፍ ክፍሊ ታዕሊም ንዝነበሩ ዓለምቲ ብሙሉኦም ናብ መዕጥር ክኣትው ትእዛዝ ሂቡ'ሎ ዝበለ እቲ ጽጹይ ሓበሬታ ሕጂ ኣብ መዕጥር 630 ዝኾኑ ዓለምቲ ስልጠና ክወስዱ ይገብር ከምዘሎን እዚ መደብ ክሳብ ዝሰላሰል ግን ኣውራ ውራይ እቶም ናይ ዊዓ ዓለምቲ ንተቓወምቲ ምጥንካር ክኸውን ከምዝተደለየ'ውን ኣረዲኡ።

ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንኩሎም ዓለምቲ ኣብ መዕጥር ኣኺቡ ስልጠና ዝህብ ዘሎ ድሕሪ ሒደት እዋን ንተቓወምቲ ኢትዮጵያ ኣብ ምዕላም ኣተኪሩ ንዘሎ ናይ ታዕሊም መደባቱ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት መጠነ ሰፊሕ ግፋ ብምክያድ ክዓሞ ስለዝደለየ ከምዝኾነ ድማ እቲ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዝርከቡ ንቃልሲ ዝተለዓዓሉ ዜጋታት ዝመጸና ጥሉል ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣመልኪቱ'ሎ።

----------////----------